# ክታበት ጸረ-ኢንፍሉወንዛ ተኸተቡ

**ኢንፍሉወንዛ ሓደገኛ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ። ብፍላይ ከኣ፡ ነቶም ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ሕማማት ዘለኩም ሰባት፡ ነፍሰ-ጾር ዝኾንክን ወይ ውን ልዕሊ 65 ዝዕድሜኹም ዝዕድሜኹም ሰባት። እቶም ኣንጻር ኢንፍሉወንዛ ዝኾነ ክታበት እት'ኽተቡ ሰባት ከኣ፡ ካብዚ ቫይረስ ክትድሕኑ ዘኽእለኩም ድርዒ ትረኽቡ። ዋላ ውን ነዚ ክታበት ድሕሪ ምኽታብኩም ምስእትሓሙ ውን እቲ ሕማም ቅልል ዝበለ ጥቕዓት እዩ ዘውርደልኩም።**

ብገለ ካብዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዝርከብ ነገራት ዝተጠቓዕኩም ምስእትኾኑ፡ እዚ ኢንፍሉወንዛ ከቢድ ጥቕዓት ክርደልኩም ስለዝኽእል ናይ ግድን ክታበት ክትክተቡ ኣለኩም።

- ብሓደ ካብዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ሕማማት ወይ ኩነት ዝተጠቓዕኩም ምስዥኸውን። ዕድመ ብዘየገድስ:
  - ነባሪ ዝኾነ ሕማም ልብን ሳናቡእን
  - መትነ-ጭዋዳዊ ሕማም፡ ብርክት ዝበለ ኣካላዊ ጉድለታት ወይ ውን ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ዝፈጥረልኩም ሕማም ግዝፈ (ፈትማ)
  - ነባሪ ጸገም ጸላም-ከብዲ ወይ ውን ብልሽት ኮላሊት
  - ሽኮርያ
  - ሕማም ወይ ውን ፍወሳ ዝደረኾ ድኹም ሕማም ናይ ምቅዋም ዓቕሚ ኣካላት (ድኹም ዓቕሚ ብዩንነት ካብ ሕማም)

- ብዕድመ 65 ወይ ውን ካብኡ ንላዕሊ ምኻን።

- ነፍሰ-ጾር።

በቲ ሕማም ብኸቢድ ክትጥቀዑሉ እትኽእሉ ተኽእሎታት ንምንካይ፡ ዝከኣለኩም ግበሩ። ኣብ እዋኑ ተኸተቡ!

**ውጽኢታዊ ዝኾነ ክታበት**
ብምልዩናት ዝቍጸሩ ሰባት፡ ኣብ መላእ ዓለም ካብ 1940ታት ጀምሮም ነዚ ክታበት ተኸቲቦም እዮም። እዚ ጸረ-ኢንፍሉወንዛ ዝኾነ ክታበት እሙንን ዝበለጸ፡ ካብ ኢንፍሉወንሳ ዘድሕነና ክታበት እዩ። እቲ ክታበት ምስ ኩነታት ናይቲ ቫይረስ ብዝሳነ መንገዲ ዓመት ዓመት ትሕዝቶኣዊ ምቅይያራት ይግበረሉ እዩ። ክታበት ድሕሪ ምክታብኩም፡ ከባቢ ናይታ ዝተኸተብኩምላ ቦታ ክልምልምን ክሓብትን ይኽእል እዩ። ገለ ገለ ሰባት ውን ረስኒ ይገብረሎም እዩ። እዚ ግን ድሕሪ ሒደት መዓልታት ይጥፊእ።

**ብቐሊሉ ክላባዕ ዝኽእል ሕማም**
ኢንፍሉወንዛ ብቐሊሉ ክለግበካ ዝኽእል ሕማም እዩ። እቲ ጠንቂ ናይዚ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ብመንገዲ ምስዓል፡ ሕንጥሾ ምባል፡ ከምኡ ውን በቲ ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ብምቕራብን ይመሓላለፍ። ርኡይ ዝኾነ መለለዩታት ናይዚ ሕማም፡ ሰዓል፡ ልዑል መጠን ረስኒ፡ ቃንዛ ኣብ ርእሲ፡ ጭዋዳታትን መላግቦታትን እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ሰብ በዚ ሕማም ዝከኣለሉ ግዜ ሓደ ሰሙን ክኸውን እንከሎ፡ ድኻም ግን ንገለ ሳምንታት ክስምመዓና ይኽእል እዩ።

**ኣበይ ከይደ ክኽተብ ይኽእል። ገንዘብ'ከ ይኽፈሎ ድዩ?**
ኣብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ማእከል-ጥዕና ብምኻድ ክትክተቡ ትኽእሉ። ካብቶም እዚ ሕማም ከሰንፎም ይኽእል ኢልና ዝገለጽናዮም ወገናት ምስእትኾኑ ዝኾነ ነገር ኣይትኸፍሉን ኢኹም።

ምስቲ እትግልገሉሉ ማእከል-ጥዕና ወይ ውን ናብ ወሃቢ ምኽሪ ጥዕና 1177 ብምድዋል ኣጣይቑ። ኣብዚ ዝዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ብምእታው ውን ነዚ ኢንፍሉወንዛ ብዝምልከት ተወሳኺ ክተንብቡ ትኽእሉ-1177.se/influensa